## *ሃይማኖትና*

## *ካልኣይን መወዳእታን ክፋል*

### *መእተዊ*

ነፍስወከፍ ምእመን ይኹን መራሕቲ ሃይማኖት ብተነጽሎ ነእንገብሮ ውሳኔታት ንቤተ ክርስትያን ጎዳኢ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ንሕድሕድ ምጥርጣር ዝፈጥር፣ ዘይምርድዳእ ዘንግስ፣ ምርሕሓቅ ዝፈጥር፥ ከጥቅዓካ ንዝደልይ ጸላኢ ከኣ ምቹእ ባይታ ዝፈጥር ኢዩ። ኣብ ሊዕሊ ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ኣብ 2006 ካብ ዝተወሰደሎምዘይምዕሩይ ውሳነ ክሳብ ሕጂ መፍትሒ ዘይተረኸቦ ብሰንኪ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ተነጽሎ ዝፈጠሮ ምፍልላይ እዩ። በሓደ ሸነክ፡ በቶምእቲ ስርዓት ኣቀሚጥዎምዘሎ ሕሊኖኦምንኸብዶምዝሸጡ ሊቀ ጳጳሳት፣ ጳጳሳት፣ መኑሳት፣ ካህናትን ድያቆናትን፡ ኣብ ሕብረት ቤተ ክርስትያን ዝወርድ ዘሎ ምብትታኽ፤ በቲ ካልእ፡ ኣብ ልዕሊ ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ዝወርድ ዘሎቀጻሊ ጸለመን ጠቀነን ውጽኢት ልሕሉሕ ርክብ ምእመናን መራሕቲ ሃይማኖትን ምዃኑ ግሁድ ኮይኑ ኣሎ። ብሰንኪ እዚ ምፍልላይ ሃይማኖትና ኣብ ሓደጋ ፓትሪያርክና ከኣ ኣብ ጸገምወዲቆምኣለዉ።

### *ቅዱስ ፓትርያርኩጾር ሓጥኣትና ኣብእንግድዖምተሰከምዎ።*

ፓትርያርኹ ኣብ መወዳእታ ኣብ ሚድያ ዝተራእዩ፡ ኣብ ስነ-ስርዓት ምፍራምሞት ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስቴር ነበር ስዉእ ሚኒስተር ነፍሲሄር ዓሊ ዓብደላ ከምዝነበረ እዝክር። ብድሕሪኡ ግን ኣብ ዝኾነ ሚድያ ቀሪቦምቡራኬ ዝሃቡሉ እዋን ኣይዝክርን። ድሕሪኡ ተወጊዞም ኣብ ናይ ገዛ ማሕዩር ከምተወገኑ ብትሒምትሒምተፈሊጡ።

ማእሰርቲ ናይ ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ኣንጦኒዮስ ስርዓትን ሕግን ዝተኸተለ ኣይነበረን። ብማሰረት ቆኖና፣ ፍትሃ ነገስትን ቃለ ኣዋድን ቤተ ክርስትያን፡ ሓደ ፓትርያርክ ካብ ማዕርጉ ዘውርዶ ሰለስተ ዓበይቲ ምኽንያታት እንተደኣ ሪኢና ሓደ ብሓይማኖታዊ ክሕደት፥ ክልተ ብውድቀት ዝሞት፥ ሰለስተ ብምኽንያት ሕማም ኣእምርኡ ምስ ዝስሕት ጥራይ ኢዩ። ብሃይማኖታዊ ክሕደት ብዝምልከት ኣቡነ ኣንጠንዮስ ማሰል ረኺቦምኣብ ቅድሚ ጉባኤ ቀሪቦም ክሳብ ሕጂ ፊት ንፊት ብጋህዲ ዝሓተቶምን ዝረትዖምን ኣካል የለን። ብውድቀት ዝሞት ብዝምልከት ወዲ ሓሚሽተ ዓሞት ከለዉንዓለምዝማኑ ፈላሲ ብምኳኖምብውልቂ ዝጥርጥሮምሰብ የለን። ብኣእምሮ ምስሓት እንተደኣ ኢልና ኸኣ ኣብዚ ዘለውዎ ዕድመኣብ ተሰዓታት እኳ ነቲ ዝወረዶም ተነጽሎ በዲሆምምስ ምሉእ ኣእምሮኦምን ፍልጠቶምን ከምዝለዉኣማስኪሮምእዮም።

ብድሕሪ ማእሰርቶም ብኣቡነ ሉቃስ ብዝምራሕ ውጉዝ ሲኖዶስ ኤርትራ፡ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እዚ ብወግዒ ንምእመናን ዝበሎ ነገር ኣይነበረን። ብመንገዲ ባዶ ሰለስተ፡ ግን ብዙሕ ጸለሙታትን ጠቀነታትን ተነዚሑ። ካብ ብትሒምትሒምዝጋዋሕ ዝነበረ፦ ***“ብጹዕ ወቅዱስ ኣብነ ኣንጦንዮስ ብሃይማኖት***

***ጢፎጢፎ ኢዮም፣ መናፍቃን ኮይኖም፣ ምስ መናፍቃን ተደናጊጾም፣*** ” ዝብል ኢዩ። “***ካብ መናፍቃን ተጠንቀቑ***” እትብል ሓረግ ኣብ ፈቀዶ ኣብያተ ክርስትያን እዝኒ ሰሚዒ ኣደንቒራ ነይራ። ብጸለሙ ጠቀነን መናፍቕነት ከኣ ካብ መንበሮም ኣሊዒሎም ካብ ዝእሰሩ እነሆ 13 ዓመት ገይሮም ኣለዉ፡፡ ኣብዚ ዝለዓል ሕቶ ንምንኳኑ መናፍቅነት እንታይ ማለት ኢዩ፧ ዝብል ኢዩ። ናይ መዝገበ ቃላት ትርጉም “***ካብ እቲ ዘለኻዮ እምነት ምድሕርሓር፣ ዘለካ እምነት ምግዳፍ፤***” ማለት እዩ። ኣብ እምነትካ ከሎኻ ቀይርካ ኢልካ ምኽሳስ በትሪ ነገር ሃሰውሰው ኢያ ነይራ። በቲ ካልእ ወገን ከኣ ኣብ ወጻኢ ዝተሰዱ ኣቦታት (ኣብነት ኣቦና ኣቡነ መቃርዮስ) እዚ ናይ ጸላኢ ጸለሙ ጠቀነን ኢዩ ዝብሉ ኣለዉ፡፡ እቲ ጠቀነን ጸለሙ እዚ ድኹምነ ሚእመናን ሃሰስ ኢልካ ብምርካብ፡ ናይ ኣመንቲ ሓሳብ ናብ ካልእ ኣማዛናብልካን ጩቒካን፡ ጥርጣረን ጽልእን ኣብ ሊዕሊ ፓትርያርኽ ከምዝሕድር ንምግባሩ ብዕቱብ ተሰሪሑሉ ክብሉ ይካትዑ። ካብኡ ሓሊፉ እውን ውጉዛት ክነሶም ብዘይ ሕግን ስርዓትን ቤተ ክርስትያን ውጉዝ ፓትርያርክ ሰይሞምኢሎምክትዖ ምየራጉዱ።

ፓትርያርኹ ክእሰሩ ከለዉ ውሑዳት ገዲፍካ ዝተቃወመ ምእመን ኣይነበረን። እንተወሓደ ኣብ ፍርዲ ይቅረቡ ዝበለ የለን። ሽግርን መከራን ክወርዶም ከሎ፣ ዝበዝሐ ምእመናን ብሒም ኢሉ ኣይተዛረበን። ዲሒሩም ኣቡነ ዲስቆርዮስ ካብ ስርዓትን ሕግን ኦርቶዶክስ ወጻኢ ናይ ፓትርያርኽ መንበር ክወርሱ ከለዉ፡ ጌጋ እዩ ዝበለ ኣይነበረን። እንተ ብፍርሃት፣ እንተ ብፍላጥ፣ እንተ ብዕሽነት፥ ብህግደፍ ንዝናፈስ ወረ ሓሶት ሰሚዑ ኣስቀጠ እምበር ኣይተኸላኸለን። ምእመናን ብመንገዲ ውጉዝ ሲዶኖስ ንኣቦና ኣንጠንዮስ ንስቃይን ማእሰርትን ንመንግስቲ ኣሕሊፉ ሃቦም፡ ንሶምከኣ ከም እየሱስ ክርስቶስ ጾርኗን ሓጥኣትናን ኣብ እንግድዖ ምተሰከምዎ።

## <u>***ብሰንኪ ድኽመት ውጉዝ ሲኖዶስ ስምናይ እግዚኣብሄር ይጽረፍ ኣሎ፡፡***</u>

ክኸውን ዝነበሮ እንታይ ማስርሕ ኢዩ ነይሩ፧ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ነዚ ነገር እዚ ንምንታይ ኢዩ ክፈትሖ ዘይከኣለ፧ እንታይ ኢዩ ጸጊምዎ፧ ዓቕሞም ድሩት ሞራሎም ትሑት ስለዝኾኑ ዲዮም፧ እንድሕር ደኣ ብሓቂ ፓትርያርኹናይ ሓይማኖት ጸገምሃሊዎምጸኒሑ(ከምእቲ ዝበሃል ዘሎ ኣንጻር ኣሙቲ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተክርስትያን እንተደኣ ዊዒሎምኮይኖም)፡ ከምቶምኣብ ቀዳሞት ዝነበሩ ናይ ኣቦታትና ስርዓት፡ ጉባኤ ሰሪዕካ፣ ብጹዓን ሊቃነ ጳጳሳትን ሊቃውንትን ብሕብረት ኣኪብካ፡ ብግልጺ ኣብ ቅድሚዳኛ ከሲስካ፡ ዝገበርዎ ጌጋታት ሓደ ብሓደ ነጊርካ፤ ንሶምእውን ቃል ክህቡ፣ ነፍሶምክከላኸሉ ጌርካ፣ ኢኻ ፍትሓዊ ፍርዲ ክትህብ ትኽእል። ብፍላይ ፓትርያርኽ ካብ ስልጣን ክወርድ ከሎ፡ ናይ ፓትያርክ ጥፍኣት ዝርእዩ ኣካላት ይህልዉ እዮም፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዘለዉ ኣቡናትን ሊቃውንትን ጉባኤ ሰሪዖምክፈትሕዎም ይኽእሉ ነይሮም፡ ከምዚ ክሳብ ዘይተገብረ ፍትሒ

ተፈጺሙ ቅኑዕ ፍርዲ ተዋሂቡ ክበሃል ኣይከኣልን። ከም ውጽኢት ብሰንኪ ድኽመት ሲዶኖስ ኤርትራ ስምናይ እግዚኣብሄር ይጽረፍ ኣሎ።

ቤተ ክርስትያን ፍትሒ መንፈሳውያን ብዝምልከት ብግልጺ ነቲ ጌጋ ዝወዓለ ካብ ጌግኡ ክምለስ ትጽልየሉ፣ ነቲ ጌጋ ዝወዓለ ንኽምለስ ትምዕዶ፣ እምበር ኣይትኣስሮን ኢያ። ኣይምለስን ምስ ዝብል ከኣ ኣውጊዛ ብግሁድ ኣዋጅ ካብ መንበሮም ትኣልዮም እምበር ብድሕሪኡ ሲዒባ ትኣስረሉ ምንም ዓይነት ማሰረታዊ ናይ መንፈሳዊ ሕግታትን ስርዓትን ማሰል የብላን። ኣብ ቅዱሳት መንፈሳውያን መጽሓፍቲ እውን ዝተጻሕፈ ኣይኮነን።

ሕጂ ግን ካብ ኣሰናን ካልኦት ዝተፈላለያ ሜራከቢ ብዙሓን ካብ ዝፍኖ ዘሎ ዜናታት፣ ኣቡነ እንጦዮስ ካብ ስልጣን ዝተኣለዩሉ ምኽንያት ካብ ቃሎም ግልጺ ኮይኑ ኣሎ። ብኻልእ ከኣ እዞም ኣቦ ን13 ዓመታት ኣብ ሓደ ገዛ ተወሲኖም ብተነጽሎ ከምዝለዉ ተረጋጊጹ ኣሎ። ካብዞም ኣቦ ቃል ብቃል ካብ ዝተፈነወ ድምጾም ኣዝዩ ብዘሕዝን፣ ብዙሕ ዘይተሰምዑ፣ ዘይተደመጹ ነገራት ከምዝሎ ተዛሪቦም፡ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ እዚ ኢዩ፡ ኣቡነ ኣንጠንዮስ፡ ነቲ ሲዶኖስ እውን ዝሾሙን ሰምክነ ሰም ኣብ መሓዩር ዝተደርበዩሉ ምኽንያት ምስ ፖለቲካ ስለተራጸሙ እዩ። እቲ ናይ ሓሶት ጸለመ ጠቀነን ዝመጾም መንግስቲ ኢዱ ኣብ ጉዳያት ሃይማኖት ስለዝእተወ ኣካል ማለት መንግስቲ፡ ነዚ ምትኣትታውጸኒዖም ብትትብዓት ስለተቃወሙ እዩ። ሓይርዎም ካብ ዓቅሚ ሲዶኖስ ንላዕሊ ፖለቲካ (መንግስቲ) ኢዩ። ። ሲዶኖስ ከኣ ተሓባባራይ ማኣርሒ መንግስቲ እዩ።

***ጸሎትና ኣብገዛና፥ ቤተ ክርስትያና ኣብልብና፡ መፍትሔር እይቶ ደብረ***

ትእዛዝ እግዚኣብሄር ንፍርዲ ንሰብ ገጽ ሪኢኹም ዘይኮነስ ብሓቂ ፍረዱ እዩ ዝብል። ንውጉዝ ሲነዶስ ዝሞርሑ ዘለዉ ውጉዛት ኣቡናት፡ እንተ ብፍላጥ፣ እንተ ተገዲዶም፡ ፍንፉን ስራሕ ካድረ ህግደፍ ይዓዩ ኣለዉ። ኣቡናት ዝኣኽሉ ናብ ኤውሮፓ ከይዶም ክሕስዉ ክትሰምዕ ዘሕንኽ ተግባር ኢዩ። ሓቂ እንተሃሊዎም፡ መናፍቅ ምኳኖም ይፈልጡ እንተነሮም፡ ስለምንታይ ብስርዓትን ሕግን ቤተ ክርስትያን ብእውጅ ንህዝቢ ደየፍለጡ፥ ሓቂ ስለዘይብሎም ከምዚ ኣይገብሩን እዮም፡ ሓሰውቲ ኣቡናት፣ ሓሰውቲ ካህናት፣ ሓሰውቲ ዲያቆናት ኣብ ኣብያተ ክርስያናትና ፈሊሖም ኣለዉ። ሓደ ኣብነት ክህብ። ቀሺ ገብረታትዎስን ኪዳነ፡ ክዳን ሲሜት ፓትርያርኽ ዝቀንጠጠ ንኸብዱ ዝሓደረ ፈታዊ ንዋይ ኢዩ። ንማስርሒ ህንጻ ቤተ ክርስትያን ኣቡነ ታቲዎስ ጎዳይፍ ካብ ዘጠፉፍኡ ሓደ ንሱ ምኳኑ እዩ ዝሕሙ፡ ንኣቦና ኣቡነ ኣንጦንዮስ ክዳኖም ስለዝቀንጠጠ ሹመት ረኺቡ ናብ ጀርመን ከምዝኸይድ ተጌሩ። “ስለምንታይ ክዳን ኣቦና ቀንጠጥካ፧” ተባሂሉ ምስ ተሓተ “ኣሉ” ኢሉ ኢዩ ክሒዱ። ከምዚኦም ዓይነት ከደዓት ካህናት ኣብ ኩሉ ቤተ ክርስትያናት ይህሉዉ እዮም፡ እዚኦም ንኽሞርሑና ከመይ ኢልና ኢና ነፍቅደሎም፡ እቲ ቀንዲ ሕቶ እሞ ንሕና ከ ምስኦም ዲና ክንጎዓዝ፧ ኣብ ከምዚ ህሞት “ቀሺ ዝበለካ እምበር ገበረ ኢልካ

ኣይትግበር” ዝብል ኣበሃህላ ንንጸጎ። ንሕና ንሃይማኖትና ፈራዶ ክንከውን እንተዘይከኣልና ንማስል እምነትና ክንከላኸል ግዴታና እዩ። ንዑ ንሃይማኖትና ደውንበል። ንዑ ፓትርያርክና ነጻ ነውጽኣዮም፡ ንዑ ነዘም ውግዛት ንንጸጎም፡ ንሰም ካብ ኣብያተ ክርስትያናት ክንኣልዮም እንተዘይክኢልና ንሕና ናብኦም ምኻድ ደውነብል። ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ኣብ ነጻ ዓለም ዘለና ኣኣብዘለናዮ ድምጽና ዓውኣብልና ነስምዕ። ንዑ እቶም ንእምነትና እንሓልይ ንብል ንለዓል። ኣቡነ መቃርዮስ ከምዝበልዎ ቅንዕና ሒዝና ስለዘሎና መንፈስ ቅዱስ ከሚርሓና ኢዩ። ኣምላኽ ከኣ ምሳና ክኸውን እዩ ክሕግዘና ከኣ ኢዩ።

ኣነ ክብድ ዝበለት ግን ከኣ ብቀሊሉ ኣብ ተግባር እትውዕል ሓሳብ ኣላትኒ። ቤተ ክርስትያን ብምእመናን ዝቆመት እያ። ቤተ ክርስትያን፡ ንብረት ኣማኽይ እያ። ብዘይ ምእመናን ቤተ ክርስትያን ባዶ ህንጻ እያ ትኸውን። ኣብ ባዶ ህንጻ ከኣ ውግዝ ኣቡን፣ ውግዝ ቀሺን ውግዝ ዲያቆንን ዋጋ የብሎምን። ሓሳበይ፡ ***“ምእመናን ባዕልና ቤተ ክርስትያን እንዳተማለስና ማላገዲ ውግዛት ኣቡናት፣ ኣቅሸሽቲን ድያቆናትን ካብ ንኸውን፥ ብዘይምኻድ ክብሪ ንኽለኣዮም፡ ቅዳሴኦም ብዘይምስማዕ ማስቀሎም ብዘይምስላም ካብ ሕብረተሰብ ንነጽሎም፡ ቤተመቅደስና ኣብ ልብና ንግበሮ፣ ጸሎትና ኣብ ገዛና ነብጸሓዮ፣ ማጋእና ንስኡናት ንትከቦ።”*** እብል። ሓድነትና ብዘይምኻድ ንግለጽ። ንዑ ክሳብ ብጹዕ ወቅዱስ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ኣብ መንበሮምዝምለሱን በትረ ፓትርይርኾም ዝጭብጡን፥ ***ንኣብያተ ክርስትያን ምኻድ ነቋርጾ።*** እዚ ሜዕበል ተቃውሞፍቱን ፍታሕ ከምጸኣልና ይኽእል እዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ምኽንያቱ ሰላማዊ ሰልፍ ጌርና ተቃውሞና ከነስምዕ ካብ ዘይከኣልና፣ ፓትርያርክ ዝወገዘም ሓሰውቲ ሜራሕቲ ሃይማኖት ኣብ ኣብያተ ክርስትያናት ካብሃለዉ፣ ተቃውሞና ብዘይምኻድ ክንገልጾ ዝሓሸ ኣማራጺ መንገዲ እዩ።

ካብምሽካዕለል ውግዛት ይሰውረና
ምልኪ ይፍረስ ፍትሒ ይንገስ፣
ማስትርሆት ካብእግዚኣብሄር እዩ።
ሓውኹምደብረ